ትካልና ፍረ ስውኣት ኢንዳስትሪ ሓ/ዝ/ው/ማሕበር ፍቃድ ኦዲት ግልጋሎት ዘለዎም ኦዲተራት ኣወዳዲሩ ናይ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ኦዲት ክገብር ትደልይ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክሳተፍ ትደልዩ ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 7, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 10, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 10, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ኦዲት ተዛማድኡን/

1 በቲ ዘርፊ ናይ ኦዲት ግልጋሎት ምሃብ ዝተሓደሰ ናይ 2011ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ፣ ብኢትዮጵያ ኣተሓሕዛ ሒሳብን ኦዲትን ቦርድ ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ናይ ኦዲት ፍቃድ ዘለዋ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ዝተመዝገብኩምን ቲን ሰርቲፊኬትን ክተቅርቡ ትክእሉ፤

2 ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት ሰርቲፊኬት ዘለኩም፤

3 ካብ ኢንዳስትሪ መፍረይ ምህርቲ ትካላት /Industry Company/ ኦዲት ዝገበር ምኽኑ ዝሕብር መረዳእታ ዘቅርብ፤

4 ኣብ ናይ ንብረትን ካዝናን ቆፀሮ ሰነ 01 2011ዓ/ም ከረክብ ዝክእል፤

5 መወዳደሪ ዶኩመንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ቢድ ቦንድን ብዝተዓሸገ ፖስታ ናት ትካልን ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፈርማን ክህልዎ ይግባእ ብተወሳኪ ኣብ ጥቃ ዓይደር 03 ኢንተርፕራይዝ ማይ ሃብቲ ጥቓ ኣብ ዝርከብ ትካል ኦርጂናልን ኮፒን ብምፍላይ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ 05/10/2011ዓ/ም ክሳብ 10/10/2011ዓ/ም ክሳብ ሰዓት 4፡00 ኣብ ትካልና ኣብ ዝርከብ ጨረታ ሳጥን ኣታዊ ክገብር ይግባእ።

6 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 10/10/2011ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ይከውን፡

7 ጨረታ ሰዓራይ ተባሂሉ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 3ተ ናይ ቅሬታ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ዝኣስር፤

8 ተጫረቲ ዘይምለስ 100.00 ብር እናከፈልኩም ካብ ፍረ ስውኣት ኢንዱስትሪ ሓ/ዝ/ው/ማሕበር ናይ ጨረታ ሰነድ ክትወስዱ ትክእሉ፤

9 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ 5000.00 ሽሕ ብር ብሲፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ብናይ ባንኪ ውሕስና ወይ ብጥረ ገንዘብ ክትሕዙ ኣለዎም፤

10 ተጫረቲ ወይ ተወከልቶም እንተዘይተረኪቦም ትካልና እቲ ጨረታ ናይ ምክፋት መሰል ኣለዎ።

11 ኣብ ጨረታ ንከይሳተፍ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይን ክልል ትግራይ ዋና ኦዲተር ዝተኣገደ ኦዲት ግልጋሎት ወሃቢ ትካል ናይ እግድ ግዚኡ ዘይተወድአ ወይ እግዱ ከይተልዓለሉ ክወዳደር ኣይክእል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ትካልና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኪቡ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉዉ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0914-729036 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle